# ኮቪድ-19 (COVID-19) መምርሒታት - ብ ትግርኛ

ኮቪድ-19 (COVID-19) ን ስርዓተ-ምስትንፋስ'ካ ከጥቅዕ ዝኽእል ሓድሽ ሕማም ኢዩ።

ብ ሳርስ ኮቪድ-2 (SARS COVID-2) ዝፍለጥ ቫይረስ ዝመጽእ ኮይኑ፡ ምስቶም ብ ኮሮና ቫይረስ ዝጽውዑ ዓይነት ቫይረስ ድማ ይምደብ።

**ካብዞም ዝስዕቡ ምልክታት ዝኾነ ምስ ዝህልወካ፡**

- ቀጻልን ዘየቋርጽን ሰዓል;
- ረስኒ (37.5 ዲግሪ ሰንቲግሬድ ወይ ልዕሊኡ)

ንምክልኻል ዝኣክል፡ ን 14 መዓልታት ኣብ ገዛ ኮፍ ክትብል ይግባእ። ብተወሳኺ ውን ናብ **SNS24 (808 24 24 24)** ደውል፡ ኣገዳሲ ኣብ ዝኾነሉ ናብ ምዱብ ትካል ጥዕና ክመርሑኻ።

## ምኽርታት ኣብ ገዛ ኮፍ ድሕሪ ምባል

- ንስራሕ ኮነ ትምህርቲ፡ ፋርማሲ፡ ማእከል ጥዕና ወይ ውን ሆስፒታል ኣይትኺድ
- ክፍልታት ገዛ ኣይትማቐል፡ ምስትጥቀም ድማ ድሕሪ ነፍሲ ወከፍ ምጥቃም ኣጽርዮ
- ምስ ካልኦት ሰባት ናይ ኣካል ምቅርራብ ኣወግድ
- ኣጋይሽ ኣይትቀበል
- ምስ ናይ ገዛ ድሙ ኮነ ከልቢ ቅድሚ ምትንኻፍካ ኢድካ ተሓጸብ

## መዓስ ኢየ ምስ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና (SNS24) ክራኸብ ዝግብኣኒ?

- እቲ ዘለካ ምልክታት ኣብ ውሽጢ ገዛ ኮፍ ድሕሪ ምባል ምምሕያሽ ምስ ዝኣቢ;
- ኩነታትካ መሊሱ ምስ ዝገድድ;
- ድሕሪ 14 መዓልታት ምልክታትካ ምምሕያሽ ምስ ዝኣቢ

## ከመይ ጌረ ምስ ሃገራዊ ኣገልግሎት ጥዕና ይራኸብ?

ሓፈሻዊ ወኪል ጥዕና (DGS) ን ሓበሬታ ምርካብ ሰለስተ መንገድታት ይቐርብ

- atendimento@sns24.gov.pt - ን ኮቪድ-19 (COVID-19) ዝምልከት ሕቶታት ንምሕታት
- ቁጽሪ ተሌፎን **SNS 808 24 24 24** - ኮቪድ -19 ከይህልወካ እንተጠርጢርካ
- ቁርጺ ተሌፎን **300 502 502** - ን  ናይ ውሽባ ግዜ ዝምልከት ሕቶታት ንምሕታት

## ምስፍሕፋሕ ኮሮና ቫይረስ ንምግታእ እንታይ ክገብር ይኽእል?

- ኣእዳውካ እንተውሓደ ን 20 ሰከንድታት ብ ማይን ሳምናን ምሕጻብ;
- ማሕበራዊ ምፍንታት;
- ናይ ምስትንፋስ መምርሒታት ምኽታል (ኣብ ትስዕለሉ ግዜ፡ ኣፍካን ኣፍንጫኻን ብ ሶፍት ወይ ከኣ ብ ክልጽምካ ምሽፋን፡ በእዳውካ ፍጹም ኣወግድ። ነቲ ዝተጠቀምካሉ ሶፍት ኣብ እንዳ ጉሓፍ ምእታው)
- ምልክታት ምስ ዝርኣየካ፡ እቲ ኣብ ገዛ ኮፍ በል ዝብል መምርሒ ምኽታል

**ንዝያዳ ሓበሬታ፡ ን microsite ናይ ሓፈሻዊ ወኪል ጥዕና (DGS) ተወከስ፡** https://www.dgs.pt/corona-virus